# ማሕበር ልምዓት ሽረ ሰሜን ኣሜሪካ

**መደረ ኣቦ መንበር**
**ዋሽንግተን ዲሲ**
**ሰነ 25/2002 ዓ.ም**

ቅድሚ ኩሉ ንኩሉኹም ክቡራት ኣባላትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ሽረን ፍትዋት ዕዱማት ኣጋይሽን ኣቐዲመ እንኳዕ ናብ መበል 7ይ ዓመት ናይ እቶት ምትእኽኻብ ክብረ በዓል ማሕበር ልምዓት ሽረ ኣብፃሓኩም እንካዕ ድማ ናብዛ ዓባይ ቁምነገር እንሰርሓላ ምሸት ብሰላም መፃኹም ክብል ይፎቱ።

ሎማዓንቲ ንዓና ወርቃዊት ዕለት እያ። ምክንያቱም ብፍቕርን ሕብረትን ሓቢርና ፃንሒት ብምግባር ነቲ ኣብ ሽረ እ/ስላሰ ዝስራሕ ዘሎ ቤተ ንባብ ዝዓቕምና ብምብርካት ዘኹርዕ ተግባር እንፍፅመሉ ምድረኽ እዩ። ስለዚ ድማ ኣብዚ ተረኺብኩም ንእትገብርዎ ደገፍን ልባዊ ህያብን ብሽመይን ብሽም እታ ማሕበርን ኣኽብሮተይን ምስጋናይን ክገልፀልኩም ይደሊ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ማሕበርና ማሕበር ልምዓት ሽረ ጨንፈር ሰሜን ኣሜሪካ ነቲ ኣብ ህንፀት ንዝርከብ ቤተ ንባብ ዓበይቲ ቁምነገራት ሰሪሓ እያ። ንምጥቃስ ዝኣክል፦

1. ከምቲ ኩላትና እንፈልጦ ዝሓለፈ ዓመት ከምዚ ሎሚ ኣብ ስያትል ኣብ ዝተገበረ 6ይ ዓመታዊ ክብረበዓል ማሕበርና ኣብ ሞንጎና ዘሎ ሓደነትን ፍቕርን ካብ ምጥንኻር ሓሊፉ ልዕሊ $36,000 ሽሕ ዶላር ብምትክኽኻብ እቲ ገንዘብ ኣብ ሽረ ናብ ዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ሽ ብምልኣኽ ናይቲ ቤተ ንባበ ህንፀት ንክቕፅል ተገይሩ እዩ። ብተወሳኺ ድማ ናይ ኣባልነት መዋጮ ካብ ካናዳ፣ዴንቨር፣ቺካጎን ቦስተንን ከባቢ $00,000 ዶላር ብምትእኽካብ ብሽም እታ ማሕበር ኣብ ሽረ ናብ ዝርከበ ባንኪ ኣታዊ ክግበር ተኻኢሉ እዩ።

2. ብኻሊእ ገፅ ድማ ካብ ኩለን ኣብ ኣሜሪካ ዝርከባ ጨናፈራት ማሕበርና ዘተወፃፅኡ ሓሙሽተ ኣባላት ዘለውዋ ኮምሽን ብምጥያሽ ሕጋውነት ተኸቲሎም ፅፈትን ሓላፍነትን ዘለዎ ስራሕ ብምስራሕ ንኹለን ጨናፈራት ኣሜሪካ ዘገልግል ባይለው(BYLAW) ኣርቂቆም ብቦርድ ድማ ክፀድቕ በቒኡ እዩ።

3. ኣባላት ቦርድ ወርሓዊ ኣኼባ ብቴሌ ኮንፈረንስ ብምክያድ ኣብ ዝተፈላለዩ ዝተለዓሉ ርእሰ ጉዳያት ብዕምቆት ብምምይያጥን ብምምኻርን ነቶም ዝነበሩ ፀገማት ክፍትሑ ተገይሮም እዮም። ኣብቶም ዝተኻየዱ ኣኼባታት ኣባላት ኣመራርሓ ቦርድ ብንቅሓትን ተወፋይነትን ስራሕቶም ከሳልጡ ብምግባር ምስ ኮምሽን ቁፅፅር ገለልተኛ ኣካል እውን በብግዚኡ ናይ ምይይጥ መድረኽ ተገይሮም እዮም ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት። ስለዝኾነ ድማ ዕውት ስራሕ ክስራሕ ተኻኢሉ እዩ።

4. ብኻሊእ ወገን ድማ ኣብዚ ቀረባ እዋን ተዛዚሙ ኣብ ስራሕ ዝርከበ ዓብይ ተግባር እንተሃለወ ምዝርጋሕ መርበብ ድሕረ ገፅ ማሕበር ልምዓት ሽረ ሰሜን ኣሜሪካ እዩ። እቲ ድሕረ ገፅ ብሓፈሻ ኣብ መላእ ዓለም ንዘለው ደገፍትን ኣባላትን ማልሽ ብቀሊሉ ሙሉእ ሓበሬታ ኣብ እዋኑ ክረኽቡን ምስታ ማሕበር ዘለዎም ርክብ ከጠናኽሩን ብምግባር እታ ማሕበር ዘለውዋ መዛግብትን ከይዲ ስራሕታን ግልፅነት ብዝተላበሰ ኣሰራርሓ እታ ማሕበር ክከታተሉን ጉዳዮም ክፈልጡን ኣብ ምግባር ዓብይ ተራ ኣብ ምፅዋት ትርከብ ። ስለዝኾነ ድማ ኣብ ሰሙን ልዕሊ 1500 ኣባላትና ድሕረ ገፅ ማ.ል.ሽ ብምጉብናይ ዝድለ ሓበሬታ ብምርካብ ተጠቀምቲ ንምኳን በቒዖም እዮም።

5. ኣብዚ እጂ እዋን ማሕበርና ልዕሊ 550 ዝኮኑ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ መናኣሰያት ኣብ (FACEBOOK)ብኣባልነት ክእልውዋ እነተለው እዞም መናኣሰያት ብዛዕባ ዓላማን ስራሕትን ማልሽ እኹል ግንዛበ ክህልዎምን ዘለዎም ሃላፍነት ክፈልጡ ተገይሩ እዩ። ብተወሳኺ እቶም መናእሰያት ብቐጥታ ብናይ ማልሽ ድሕረገፅ ቻት ሩም( CHAT ROOM) ንዘቕረቡልና ሕቶታት ድማ ብቑዕ መልሲ ክንህቦም ክኢልና ኢና።

6. ብሓፈሻ ማሕበር ልምዓት ሽረ ሰሜን ኣሜሪካ ብዝዘርገሓቶ ዓለምለኻዊ መርበብ ሓበሬታ ድሕረ ገፅ ምስ ዋና ቤት ፅሕፈት ኮነ ምስ ኣብ ኣሜሪካ ዝርከባ ጨናፍራት ስሉጥን እዋናዊን ሓበሬታ ኣብ ምቅብባል ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ነይርዎ እዩ እቲ ሓዱሽ ድሕረ ገፅ።

ኣብ መወዳእታ ንኩሉኹም ኣሕዋተይ ኣባላትን ደገፍትን ማሕበርና ንዝገበርክምዎ ኩለመዳያዊ ደገፍን ንዘርኣኽምዎ ልባዊ ፍቕርን ብሽመይን ብሽም እታ ማሕበርን ደጋጊመ እናመስገንኩ። ሓገዝኩምን ደገፍኩምን ቀፃሊ ክኸውን ድማ እንዳተማሕፀንኩ ዕላማና ብፃዕርና ኣብ ሽትኡ ክም ዝበፅሕ ድማ ጥርጥር የብለይን።

አብዚ ከየመስገንኩዎም ክሓልፍ ዘይደልይ አብ ማ.ል.ሽ አብ እትገብሮም በዓላት ብዘይ ምንም ክፍሊት ብድልየቶም ብነፃ ምድላዋቶም ብምቕራብ ነቲ ዕዱም ጋሻ ብምህዳስ ነቲ በዓል ዝለዓለ ድምቀት አብ ምሃብ ኩልጊዜ ብሞዮኦም ነታ ማሕበር ኣብ ምግልጋል ዝርከቡ ውሩያት ከየንቲ ተጋሩ አሕዋትና ኣበበ ኣርኣያ፣ ርሻን ገብረ፣ ወዲ ሹቕ፣ ያይነ ኣባይ፣ ዓዚዝ ሓጎስ፣ ብርሃነ ኪዳነ ፣ሙሉ ሃይሉን ከበደ ደሞዝን ብሽም ማሕበርና ካብ ልቢ እየ ዘመስግን. . . የቐንየልና።

ውዳበና መንገዲ ልምዓትን ምዕባለን እዩ !!

ክብረት ይሃበለይ።
ኪሮስ አርአያ